# ናይ ሓዘን መልእኽቲ

ቀዳማይ ሚኒስተር አቶ መለስ ዜናዊ ብዘጋጠሞም ሕማም ናብ ሎሚ ንግሆ ዘወግሕ ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ ካብ ዓለምና ብሞት ተፈልዮም በዚ አጋጣሚ>ዚ ብስም ህዝቢ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪን ብስም ዲሞክራስያዊ ወድብ ዓፋር ቀይሕ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን ክንገልጽ ንፈቱ፡፡ ንመንግስትን ሓለእ ህዝቢ ኢትዮጵያን ከምኡ'ውን ንስድራቤት አቶ ማለስ ዜናዊ ጽንዓት ይሃብኩም እንዳበልና ብሞት.ዚ ኩቡርን ደላይ ሰላምን ዕብየትን ዝነበረ ዝተሰማዓና ሓዘን ክንገልጸልኩም ንፈቱ፡ አቶ ማለስ ዜናዊ ናብ ቃልሲ ካብ ዝስለፉ ክሳብ ዕለተ ሞቶም ክዓርፍ ከይበሉ ንኢትዮጵያ ካብ ተምረሖ ዝነበረት ኅደና ድኽነትን ዓጸቦን ብቡሱል ራኢን ብውሕሉል አተኣላልያ ናብ ኅደና ልምዓትን ማዕርነትን ዲሞክራስን ዝመርሑ ካብ ዝመርሑ ዝነበሩ መራሕቲ አፍሪቃን አብ ታሪኽና ሩኡይ ለወጢ ካብ ዘምጽኡ ናይ ጀጋኑ ጅግናን ናይ ሰላምን ልምዓትን መሪሕ ከምዝነበሩ እዚ አብ ምድሪ ኢትዮጵያ ዝርኤ ጉሁድ ተርእዮ ኢዩ፡፡ ንልዕሊ 80 ሚልዮን ህዝቢ ኢትዮጵያ ምስ ዝተፈላለየ ሕብረ ብሄራቱን ስምዒታቱን ተሳንዩ ክንብር ዝጸዓሩ ሓያልን ማስተውዓልን ኩነታት ህዝቦምን ህዝቢ ኤርትራን ከባቢናን አጻጺዮም ዝፈልዩ ዝነበሩ ናይ ብሓቂ ፍሉይ ናይ ካባቢና መሪሕ ኢዮም ነሮም፡፡ በዚ አጋጣሚ >ዚ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ሙሉእ ሰላም አብ ከባቢና ንኽረጋገጽ አበርቲዖም ክሰርሑ ንላቦ፡፡ ደጊምና ንመላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ጽንዓት ይሃብኩም፡፡

ዲሞክራስያዊ ወድብ ዓፋር ቀይሕ

21-08-2012

Red Sea Afar Democratic Organization, Info.&Comm.Office
+251923705412(telephone)+251922177035 (telephone) +251912097006 (telephone), Email: rsado98@yahoo.com, Website: - www.dahlak.org